# ሆሳእና

ሰንበት ዘሆሳእና፣ 8ይ ሰሙን ናይ ጾመ ኣርብዓ፣ 4/20/2008

- ኣብ ግዜ ቅዳሴ ዝንበብ ጽሑፋት፣
  1. ዮሃ፣ 5፡11-31,
  2. ግብ፣ 28-11-31,
  3. ዕብ 9፡11-28
  4. 1 ጴጥ 4፡1-12,
  5. መዝሙር ዳዊት 71፡11-12

ናይ ሆሳእና በዓል ካብ ዝበዓል ድሮ ልዕሊ 2000 ዓመታት ኮይኑ ኣሎ፡፡ እዚ በዓል እዚ ከንብዕሎ እንከሎና ኣብ ውሽጥና ዝስመዓና ሓጎስ ፍሉይ ምኻኑ ኩልና ዝጠዓምናዮ ሓቂ እዩ፡፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለምና ድማ ሰባት ብዝተፈላልየ መንገድታት የኽብርዎ ኣለዉ፡፡

ኣብዚ ናይ ሎሚ ሓጺር ጽሑፍና ናይ ሆሳእና ታሪኽን ኣብ ህይወትናን ናብራናን ዘለዎ ዓቢ ትርጉም ክንርእዮ ክንፍትን ኢና፡፡ እዚ ሎሚ ሆሳእና ኢልና እንጽውዖ ዘሎና በዓል ኣብቲ ናይ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ መወዳእታ ናይ ምድሪ ህይወቱ ዝተፈጸመ ግሩም ዝኾነ በዓል እዩ፡፡ ኣብ ዮርሳሌምን ከባቢኣን ዝነበሩ ሰባት ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ የሩሳሌም ክኣቱ ኣንከሎ ዝገበርዎ ናይ ኣቀባብላ ስነ ስርዓት እዩ፡፡ ጎይታ ኢየሱስ ኣብ የሩሳሌምን ከባቢኣን ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ክሰብኽ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ የሩሳሌም ክኣቱ እንከሎ እቶም ብዙሕ ተኣምራት ኽገብር ኣንከሎ ዝረኣይዎ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ክምህር ኣንከሎ ዝሰምዕዎን ንኣልኣዛር ካብ ሞት ከተንስኦ እንከሎ ዝረኣዩን ዝሰምዑን ሰባት ተኣኻከቦም ንጎይታ ኢየሱስ ከም ንጉስ ኣኽቢሮም ዝተቐበልዎ መዓልቲ እዩ፡፡ (ሉቃስ 19፡29-44, ዮውሃንስ 12፡9-19)፡፡

ኣብዚ መዓልቲ እዚ ዓበይቲ፣ መንእሰያትን ሕጻናትን ሓቢሮም ክዳውንቶምን ጨንፍር ስየን ኣብ ቅድሚኡ እናነስንሱ ዝተቐበልዎ መዓልቲ እዩ፡፡ ከተማ የሩሳሌም ብኣዝዩ ግሩም ዝኾነ መዝሙር እናተሓጎሰት እንከላ ብዙሕ ደስ ዘይበሎም ናይቲ ዘመን እቲ ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ፈርሳውያንን ጸሓፍትን ነቲ ናይ ህዝቢ ምጭዳር ጠጠው ከብሎ ንጎይታ ሓተትዎ፡፡ ንሱ ግና ከምዚ እናበለ መለሰሎም “ እዚኣቶም እካ ሱቕ እንተበሉ እዞም ኣእማን ኪጭድሩ እዮም እብለኩም ኣለኹ” እናበለ ንሳቶም ዘይተጸበይዎ ዘገርም ምላሽ ሃቦም (ማርቆስ 19፡29 - 40)፡፡ ግናኸ ስለምንታይ እዮም ከምዚ ጌሮም ኣብዚ መዓልቲ እዚ ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብፍሉይ ድምቀት

**Special points of interest:**

- ኣብቲ ቂም ቅንኢ ሓሜት ዝሙት ሓሶት ትዕቢት ወዘተ ዝገዝአ ህይወት ሰላም ሓጎስ ፍቕሪ ዓቕሊ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክህሉ ይኽእል ኢልካ ኣይሕሰብን እዩ፡፡ እቲ ሓቀኛ ናይ ህይወት ትርጉም፣ ዕጋበትን ሰላምን ዝርከብ ነቲ ጎይታ ሰላም ኣብ ልብና ምስ ኣንገስናዮ ጥራሕ እዩ፡፡

ተቐቢሎሞ? ከምኡውን ስለምንታይ እዮም ሆሳእና ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ንጉስ ብሩኽ እዩ፡፡ ሰላም ኣብ ምድሪ ክብሪ ኣብ ኣርያም እናበሉ ይዝምሩ ኔሮም ኢልና ክንሓትት

ኣዝዩ ኣገድሲ እዩ፡፡ (ሉቃስ 19፡38) እስራኤላውያን ንጎይታ ከም ንጉስ ጌሮም ዝተቐበሉሉ ምክንያት ኣ ብቲ ግዜ እቲ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሮማውያን ስለ ዝነበሩ ብዙሕ ዕረፍቲ ኣይነበሮምን፡፡ ናይ መግዛእቲ ናብራ ጥዑም ስለዘይኮነ ድማ ንናጽነት ኣዝዮም ይናፍቕዋ ነበሩ፡፡ ስለዚ ካብቲ መግዛእቲ ሓራ ዘውጽኦም መራሒ ይጽበዮ ነበሩ፡፡ በዚ ምክንያት እዚ ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣንጊሶም ካብቲ ናይ ሮማውያን ባርነት ነጻ ኾይኖም ክነብሩ ብርቱዕ ድሌት ነበሮም፡፡ ስለዚ ሆሳእና! ሆሳእና! ሆሳእና! እናበሉ ዓው ኢሎም እናጨደሩ ንጎይታ ኢየሱስ ዝተቐበልዎ፡፡ ሆሳእና ማለት ናይ እብራይስጢ ቃል ኮይኑ ትርጉም ድማ "ዎ ጎይታ ኣድሕን" ማለት እዩ፡፡ ሆሳእና ናይ ምስጋና ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ጸሎትን ናይ ልመናን መዓልቲ እዩ፡፡ ምናልባሽ ዝበዝሑ ካብቶም ህዝቢ ብንብዓትን ብብርቱዕ ስምዒትን ሆሳእና እናበሉ ይዝምሩ ኔሮም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ምኽንያቱ እቲ ዘሕልፍዎ ዝነበሩ ባርነት ኣጸቢቑ ይርድኦም ስለዝነበሩ እዩ፡፡ እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ግና ጎይታ ኢየሱስ ካብቲ ናይ ሮማውያን መግዛእቲ ዘይኮነስ ካብቲ መሪር ዝኾነ መግዛእቲ ናይ ሰይጣንን ሓጢኣትን ነጻ ከውጽኦም ዝመጸመሲሕ ወይ ልኡኽ ምንባሩ ኩሎም ዘይምስትውዓሎም እዩ፡፡ ናይ ሮማ መግዛእቲ ሓላፊ እዩ ኔሩ እቲ ናይ ሓጢኣትን ናይ ሰይጣንን መግዛእቲ ግና ኣብዛ ምድሪ ብኣዝዩ ዘሕዝንን ዘጨን ቅን የሕሊፉ ድሕሪ ሞት ድማ ናብቲ ናይ ዘልኣለም ገሃንም ሓዊ ዝድርቢ መግዛእቲ እዩ፡፡ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብዚ ጨ ካንን መሪርን ዝኾነ መግዛእቲ ናጻ ከውጽእ ዝመጸ መድሓኒ እዩ፡፡ ከምቲ ኣብ ማቴዎስ 1፡20 ተጠቒሱ ዘሎ " ወዲ ክትወልድ እያ ንሱ ኸኣ ንህዝቡ ካብ ሓጢኣቶም ኬድሕኖም እዩ እሞ ስሙ የሱስ ክትሰምዮ ኢኻ" ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሓጢኣትን ካብቲ ብምኽንያት ሓጢኣት ዝመጽእ መርገምን ጥፍኣትን ኬድሕን ዝመጸ ግሩም መድሓኒ እዩ፡፡ ሎሚ ብምስ ትውዓል ነዚ ዘሎናዮ ክፉእ ዘመን እንተርኢናዮ ልዕሊ እስራኤላውያን ሆሳእና እናበልና ንህይወትና ክንዝምረላ ዘሎና እዋን እዩ፡፡ ዓለምና ብኽፍእታን ሓጢኣትን ተመሊኣ ሰባት ብብዙሕ ጭንቂ ዝነብርሉ ዘለዉ ዘመን ኢና ዘሎና፡፡ ኣብቲ ሓጢኣት ዝነገሶ ህይወት ድማ ሰላም ዕረፍትን ዕጋበትን ክርከብ ማለት ሓሶት እዩ፡፡ ብኣንጻሩ ድኣ ፍርሀን ጭንቀትን ስስዔን እዩ ዝስስን፡፡ ቃል ኣምላኽ ከም ዝነግረና "ረሲኣን (ሓጥኣን) ሰላም የብሎምን" ይብል፡፡ (ት. ኢሰያስ 48፡22) ናብራ ብዘይ ኣምላኽ ጸልማት እ ዩ፡፡ ሎሚ እቲ ዕለታዊ ናብራና ከም ዝምስክሮ እንበልያን ንሰትዮን ዘይሰኣና ክነስና ነፍስና ኣብ ከቢድ ናይ ጽባሕ ሻቕሎት ንረኽባ፡ ኣብ ዘይክርኩሓና ዓራት እናደቀስና ዕረፍቲ ዘለዎ ለይቲ ንስእን፡ በብዓይ ነቱ መግቢ እናበላዕና ነፍስና ብጥሜት ጽድቂ ትሳቐ ገንዝብና ኣብ ማዕከንና እናኣዋህለልና ውሕስነት ኣ

**Special points of interest:**

- ንጽምኣትና ርውየት ንሓዘንና ሓጎስ ን ጽምዋና ፍቕሪ ንቑምታና ይቕሬታ ን ዘይምዕጋብና በረኸት ክኾነልና ምእንቲ ብሓቂ ሆሳእና ኢልና ነዚ ጎይታ እዚ ናብ ህይወትና ንዓድሞ፡፡ ብቓሉ ኣሚና ንዕኡ ክንስዕቦን ኣብ ህይወትና ድማ ከነንግሶ ዕ ለት ዕለት ክንውስን ይግበኣና፡፡

ይስመዓና፣

እናተኸደና ውሽጥና ይቐረና፡፡ ኣዝዩ ዘሕዝንን ዘስደምምን ናብራ እዩ!!! ብሓቀ ነፍስና ካብዚ ጸልማት እዚ ኣውጺኡ ብርሃን ዝህባ ጎይታ ትደልይ ኣላ፡፡ ስለዚ ኢና ሆሳእና! ጎይታ ንህይወተይ ካብዚ ጸልማት እዚ ኣድሕና እናበልና ክንዝመረላን ክንልምነልናን ዘድልየና፡፡ እቲ ኣዝዩ ሕያዋይ ዝኾነ ጎይታ ከምዚ እናበለ ዓዲሙና እዩ "ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸብደኩምን ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ን፡፡ ኣነ ለዋህ እየ ልበይውን ትሑት ኣርተይ ፈኪስ ጾረይውን ቀሊል እዩ፡፡

እሞ ኣርተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሃሩ ንነፍሰኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም" (ማቴዎስ 11፡28 ዓ 30)፡፡ ኣብቲ ቂም ቅንኢ ሓሜት ዝሙት ሓሶት ትዕቢት ወዘተ ዝገዝአ ህይወት ሰላም ሓጎስ ፍቕሪ ዓ ቕሊ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክህሉ ይኽእል ኢልካ ኣይሕሰብን እዩ፡፡ እቲ ሓቀኛ ናይ ህይወት ትርጉም፣ ዕጋበትን ሰላምን ዝርከብ ነቲ ጎይታ ሰላም ኣብ ልብና ምስ ኣንገስናዮ ጥራሕ እዩ፡፡

እቲ ዓቢ ሕቶ ግና ባዕልና ካብዚ ባርነት ናይ ሓጢኣትን ሰይጣንን ሓራ ክንወጽእ ንኽእል ዲና? ዝብል እዩ፡፡ እቲ መልሱ ያእ ኣይንኽእልን ኢና እዩ፡፡ እቲ መፍትሒኡ ከምዞም ህዝቢ ዎ ጎይታ ንዓ ን ህይወተይ ካብዚ ባርነት እዚ ኣውጽኣያ እናበልና ነቲ መድሓኒ ዝኾነ ጎይታ ኣብ ህይወትና ምንጋስ እ ዩ፡፡ ንክርስቶስ ኣብ ህይወትና ነንግሶ ክንብል እንከሎና ንኣምላኽ ኣብ ካልኣይ ቦታ ነቐምጦ ማለት ኣ ይኮናን እንታይ ድኣ ኣብቲ ቐዳማይ ቦታ ናይ ልብና ንግበሮ ማለት እዩ፡፡ ኸምቲ እዞም ህዝቢ እስራአ ል ክዳውንቶምን ጨንፈር ስየን ኣብ መንገዲ እናንስንሱ ንጎይትናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝ ተቐበልዎ ሎሚ ድማ ንሕና ትዕቢትናን ትምክሕትናን ኣብ ትሕቲ እግሩ ኣምጺእና ብትሕትና ንሱ ን ህይወትና ኽገዝኣ ክንፈቕደሉ ይግበኣና እዩ፡፡ ጽቡቕ ኣሎኹ እናበልና ነቲ ኣብ ህይወትና ክነግስ ዝግብኦ ጎይታ ካልኣይ ሳልሳይ ቦታ እንተሃብናዮ ግና ህይወትና ኣብ ምድሪ ደኹን ኣብ ሰማይ ኣይክጥዕማን እዮ፡፡ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ከምዚ እናበለ እንደገና ዕድመ የቕርብ " በታ ዳሕረዩቲ ዓባይ መዓልቲ የሱስ ደው ኢሉ ጨደረ በለውን ዝጸምኤ ኣንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ፡፡ ብኣይ ዝኣምን እቲ ጽሑፍ ከም ዝብሎ ካብ ከብዱ ሩባታት ማይ ህይወት ክውሕዝ እዩ፡፡ (ዮውሃንስ 7፡ 37 ዓ 39)

ንጽምኣትና ርውየት ንሓዘንና ሓጎስ ንጽምዋና ፍቕሪ ንቒምታና ይቕሬታ ንዘይምዕጋብና በረኸት ክኾ ነልና ምእንቲ ብሓቂ ሆሳእና ኢልና ነዚ ጎይታ እዚ ናብ ህይወትና ንዓድሞ፡፡ ብቓሉ ኣሚና ንዕኡ ክንስዕቦን ኣብ ህይወትና ድማ ከነንግሶ ዕለት ዕለት ክንውስን ይግበኣና፡፡ ኣምላኽ ይደግፈና!

"ጽሩይ ማይ ክንጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ ኢኹም፡፡ ካብ ኩሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኩሉ ጣኦታትኩምን ከጽርየኩም እየ፡፡ ሓድሽ ልቢ ክህበኩም ሓድሽ መንፈስ ከኣ ከሕድረልኩም ናይ እምኒ ልቢ ኻብ ስጋክ ኹም ከውጽእ ናይ ስጋ ልቢውን ክህበኩም እየ፡፡ ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ከሕድሮ ብትእዛዛተይ ከ መላልስኩምን ከግብረኩምን እየ፡፡" ት. ህዝቅኤል 36፡ 25-27።

**ርሑስ በዓል ሆሳእና ይግበረልና! April 20, 2008**